# ውጽኢት ህዝባዊ ኣኼባ ብምኽንያት
# ኣብ ኣዋሳ ዝተገበረ ኤርትራዊ ሃገራዊ ጉባኤ

ህዝባዊ ምንቅስቃስ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ኣብ ኤርትራ፤ ካብ ክፍሊ ሃገር ጀርመን፡ „ኖርድ-ራይን-ቨስት-ፋለን“ (NRW)፡ ኣብ ከተማ Köln ኣብ ዝሓለፈ ሰንበት ዕለት 22. 01. 2012 ዓ.ም.ፈ.፡ ብምኽንያት እቲ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ከተማ ኣዋሳ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ካብ ዕለት 22. ክሳብ ዕለት 30 ውርሒ 11. 2011 ዓ.ም.ፈ. ዝተገብረ ኤርትራዊ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ፡ ህዝባዊ ኣኼባ ኣሳላሲሉ። እዚ ህዝባዊ ምንቅስቃስ'ዚ፡ ሓደ፡ ንኹሉ ደለይ ለውጢ፣ ስርዓት ውልቀ-መላኺ ታኣልዩ፡ ብደሞክራሲያዊ ስርዓት ክትካእ፡ ዝቃለስ ዘሎ ወዲ/ጓል ሃገር፡ ብማዕረ ዘሳቲፍ፡ ህዝባዊ ኣኼባ ክጽውዕ ዘገደዶ ምኽንያት፡ ከምዚ ዝስዕብ እዩ። እዚ ምንቅስቃስ'ዚ፡ ከም ምንቅስቃስ ናይ ተራ ህዝቢ መጠን፡ ናብ ጉባኤ ብልኡኻቱ፡ ተኻፋልነቱ ከረጋግጽ፡ ዕድል ስለዝተዋሃቦ፡ እሞ ልኡኻቱ ድሕሪ ጉባኤ፡ ነናብ ቦቶኦ ብዳሓን ስለዝተመለሱ፡ ከምቲ ስድራና፤ „*<u>መን ይንገርካ ...? ዝዋዓለ። መን የርድእካ ...? ዝቐበረ</u>*“። ኢሎም ዝምስለዎ፡ በዞም ልእኻትና፡ እቲ ዝነበረ ሓቐኛ ስእሊ ናይ ጉባኤ፡ ናብ ህዝቢ ከም ጸብጻብ ክቀርቡ ስለዝተደለየ፡ እዚ ኣኼባ'ዚ ክግበር ተደልዩ። ልኡኻትና፡ ገብረክርስቶስ ጽገ-ን ጀማል ቢላል-ን እዮም ነይሮም። ጸብጻባት ልኡኻት ድሕሪ ምቅራብ፡ ኣብ ሕቶን መልስን፣ ኣብ ርእይቶ፣ ለበዋ፣ ምሕጸንታ፣ ኣቲና። እቲ ውጽኢ ካኣ ከምዚ ኣብ ታሕቲ ብዝርዝር ቀሪቡ ዘሎ ይመስል።



◙ <u>ውጽኢት ኣኼባ</u>፤

ኣኼባ ብኣደ መንበር ተኸፊቱ። ድሕሪ ኣደ መንበር ህዝባዊ ምንቅስቃስና፡ ኣብ ልዕሊ ልኡኻትና ናይ እንቛዕ ዳሓን መጻእኩም መደረ ምሃባ፡ ልኡኻትና ጽብጻቦም ኣቅሪቦም። እቲ ጸብጻቦም፡ ብሕጽር ዝበለ፡ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ነይሩ። ክልቲኦም ልኡኻትና፡ ጉባኤ ከመይ ጀሚሩ፡ ኣብ ዝብል ነጥቢ፡ ዝተፈላለየ ስእሊ ከምዝነበሮም ካብ ኣቃራርብኦም ክንማሃር ክኢልና። ሓደ ካብ ልኡኻትና፡ ጉባኤ ኣብ ሳልሳይ ማዓልቲ እዩ ጀሚሩ ክብል እንከሎ። እቲ ካላይ ካኣ፡ ጉባኤ ዳርጋ ኣብ ሓምሽይ ማዓልቲ፡ ቀንዲ ስርሑ ከምዝጀመረ ሓቢሩና። ምንም እኳ ልኡኻትና ኣብ ኣጀማምራ ጉባኤ ንዝምልከት ዝተፈላለየ ትዕዝብቲ ይንበሮም እምበር፡ ኣብ ዝዓበየን ዝበዝሔን ሓበሬታ ጉባኤ ግን፡ ሓደ ዓይነት ስእሊ እዮም ኣቅሪቦም።

ድሕሪ ምሉእ ጸብጻብ ልኡኻትና ምቅራብ፡ ኣኼባ ኣብ ሕቶን መልስን ኣትዩ። ብፍላይ፡ ስለምንታይ እዚ ጉባኤ'ዚ ነቲ ዝነበሮ ግዜ ብግቡእ ዘይተጠቀመሉ፡ ስለምንታይ ኣብ መፈለምታ ማዓልቲ ጉባኤ ምድኑጓያት ክረኤ ተኻኢሉ …? ዝብል ሕቶ ምስ ቀረበ፡ ልኡኻትና ኻኣ፡ ብምኽንያት ኣብ ልዕሊ ዳኒኤል ተወልደ፡ ብኮምሽን ዝተወሰደ ዘይፍትሓውን ሕጋውን ኣገባብ፣ ኣብ ጉባኤ ከምዘይሳተፍ ምግባሮም፡ ተኻፋሊ ጉባኤ፡ ቅድሚ ጉባኤ ምጅማሩ እኹል ሓቤረታ ስለዝነበሮ፡ ጉባኤኛ ኣብ ቦታ ጉባኤ ምስተረኸበ ንዲሪ ነርዎ፡ ጥራይ ኢልካ ዝሕለፍ ዘይኮነ'ስ፡ ህዝቢ ብጉዳይ ዳኒኤል ተወልደ ከዛተ ምስ ጀመረ፡ ነዚ ዝራኣዩ ኣዳለውቲ ጉባኤ ካኣ፡ ጉባኤ ከይጅምር ኮነ ኢሎም ናይ ምድኑጓይ ሰልቲ (Tactical delay) ይጥቀሙ ነይሮም፡ ዝብል ዕግበት ከምዘለዎም፡ ሓቢሮሙና። ድሕሪ'ዚ እቲ ህዝቢ ኣብ ክልተ ርእይቶ ተገሚዑ ከምዝነበረ፡ እሞ ሓደ ኣካል ህዝቢ ተኻፋሊ ጉባኤ፡ ገለ ከይገበርና ግዜ ይሃድመና ኣሎ፡ ዝብል ርእይቶ ክውንን እንከሎ፡ እቲ ካላይ ጎድኒ ግን፡ ጉዳይ ዳኒኤል ተወልደ ፍታሕ ክግበረሉ ኣለዉ፡ ዝብል እዩ ነይሩ። ኮይኑ ግን እቲ ነዚ ካላኣይ ርእይቶ'ዚ ዝድግፍ ኣካል እቲ ዝሓየለ፡ ስለዝነበረ፡ ምንም እኳ ዳኒኤል ተወልደ ኣብ ጉባኤ ክሳተፍ ከምዘለዎ ክግበር እንተዘይተኻኣለ፡ እቲ ግዜ ይሃድም ምንባሩ፡ ህዝቢ፡ ጉባኤ ቑም-ነገር ከይገበረ ግዜ ከይውዳእ፡ ፍርሒ ስለዝነበሮ፡ ኣብ መጨረሻ፡ ጉዳይ ዳኒኤል ተወልደ እተጽንዕ ክሚተ ክትውጽእ ከምእተሰማምዔ ሓቢሮሙና። እታ ዝወጽኤት ኮሚተ'ውን ኣብ መጨረሻ ማዓልቲ ጉባኤ፡ ዳኒኤል ተወልደ፡ ካብቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝቀረበ ኪሲ ብገለ ኣባላት ኮምሽን፡ ነጻ ምዃኑ፡ ዝኾነ ሓጢኣት ይኹን፡ ገጋ ከምዘይነበር፡ ጸብጻባ ከምዝሃበት፡ ካብ ቃል ልኡኻትና ሰሚዕና።

ኣብ ምድላው ጉባኤ ይኹን፡ ጉባኤ እንዳተኻየደ እንከሎ፡ ብዙሕ ግጋታትን ዘይጽፉፍ ኣሰራርሓን ከምዝነበረ፡ ልኡኻትና መስኪሮም። ልኡኻትና ከምዝገለጽዎ እውን፡ ጉባኤ ክምዚ ይኽን ተመሳሳሊ፡ ክግበር ዘይግብኦ ዘይምዕሩይ ኣሰራርሓ ይንበሮ እምበር፡ ብውጽኢት ጉባኤ ግን ዕጉባት ከምዝነበሩ፡ ገሊጾሙልና። እቲ ቀንዲ፡ ንልኡኻትና ዘታባበዮምን ዘሔጎሶም ክውንነት ጉባኤ ካኣ፡ ኣብዚ ጉባኤ'ዚ ኩሎም እቶም የሰክፍ እዩም፡ ተብሂሎም፡ ብ-taboo ዝራኣዩ ነጥብታት፡ ብዘይናሓፍነት ህዝቢ ኣብ ባይታ ኣውሪዱ ክዛተየሎም ምኽኣሉ እዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ሃዋህው ስለዝነበረ፡ እዚ ጉባኤ'ዚ ሓድነት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኣውሒሱ እዩ፡ ኢልካ ዝሕለፍ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብዓወት ተዛዚሙ ዝብል ዕግበት እዩ ዘሎና፡ በሉና። ሓደ ነዚ ጸብጻብ ልኡኻትና ዝሰምዔ ኣኼበኛ ካባና ከምዚ ዝስዕብ ይብል፤ „*<u>እሞ እዚ ጉባኤ'ዚ፡ ነቲ፡ ኤርትራውያን ከይሰማምዑ ተሰማሚዖም እዮም</u>*"፡ ዝብል ዝነበረ ብሂል (Cliché)፡ ብግልባጡ፡ „*<u>ኤርትራውያን ክሳማምዑ ተሰማሚዖም እዮም</u>*"፡ ዝብል ባህሊ እዩ ኣታኣታቲዩ። ማለት ከይተታናኾልና፣ ሕቡእ ኣጀንዳታት ደርቢና፣ ሕቶ ህዝብን ሃገርን ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ሰሪዕና፣ ክንዛተ እንተተበጊስና፡ ካብ ኩሉ ካኣ፡ ከምዚ እዚ ጉባኤ'ዚ ዘተግበሮ፡ ህዝብና ኣብ ጉዳዩ ተሳታፍነቱ ዝረጋገጸሉ ባይታ እንተፈጢርና፡ ክንሳማማዕ ከምእንኽእል ተረጋጊጹ፡ በለ። እዛ ርእይቶ እዚኣ፡ ሓደ ካብ ተኻፈልቲ ኣኼባና ምስ ቀረበት፡ ልኡኻትና'ውን ኩሉ እቲ ኣዳልዮሞ ዝመጽኡ ጸብጻብ ኣቅሪቦም ምስ ወድኡ፡ ኩላትና፡ ኣብ ኣኼባ ዝነበርና ደቂ/ጓል ሃገር፡ ጉባኤ ሽትኡ ወቒዑ እዩ፡ ዝብል ዕግበት ከምዘሎና ኣረጋጊጽና። ንዝቐረበ ጸብጻብ ልኡኻትናን መሰረት ብምግባር ካኣ፡ ኣገደስትን ሃነጽትን እዮም፡ እንብሎም ነጥባታት እንዳኣልዓልና፡ ኣብ ክትዕ፣ ርእይቶን፡ ለበዋን፡ ምሕጽንታን፣ ኣብ ምቅራብ፡ ኣቲና።

ሓደ ካብ ዝቐረበ ርእይቶ ብተኻፈልቲ ኣኼባና ከምዚ ዝስዕብ እዩ ነይሩ። እዚ ጉባኤ እዚ፡ ኣባላት ኪዳን ዝኾና ውድባት/ሰልፍታት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኪዳን ኣባልነት ዘይብለን፡ ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ

ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ግን፡ ተሳተፍነተን ዘረጋገጸ ጥራይ ዘይኮና፡ ብተወሳኺ እውን ካልእ ውድባትን/ሰልፍታትን ኣብዚ ናይ ሓባር ማኣዲ ደቃ ሃገር ከምዝሳተፉ ምግባሩ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ባህሊ ኤርትራውያን፡ ዓል ነገር ገዲፍካ፡ ኣብቲ ቀንዲ ናይ ሓባር ሕቶን ምስምማዕ፡ ሕድገታት ምግባር፣ ካብ ብናእሽቱ ነገር ምፍልላይ፡ ብዝተኻኣለ ማጠን ተራዳዲእካ፡ ናይ ሓባር ውሳኔ ሕዝካ ምውጻእ፡ ኣብ መንጎ ደቂ ሃገር ከም ባህሊ ይታኣታቶ ከምዘሎ እዩ ዝሕብር። እዚ ኻኣ እውነታዊ ምዕባሌ እዩ። ይኹን እምበር፡ ኣነ ውድብ/ሰልፊ እየ እትብል፡ ውድብ/ሰልፊ ካብላ ዝኽእል ቀጥዒ ኣማሊኣ ድያ፡ ዋላ'ስ ኣየማለኤትን በዘይመጽናዕትን፡ ከም ውድብ ወይ ሰልፊ ምቅባል፡ ካብ ርብሓ፡ እቲ ጉዳኣት፡ ክዓቢ ስለዝኽእል፡ ካብሕጂ ንንየው፡ ዝኾነት ሰልፊ ወይ ውድብ፡ ኣብዚ ናይ ሓባር ጉዕዞ ተኻፋልነታ ክተረጋግጽ እትደሊ፡ ከም ውድብ ወይ ሰልፊ ከቀብላን ክትልለየሉን ዘኽእላ ቅጥዕታት ክህሉን፡ ነዚ ቀጥዕታት'ዚ ዘማለኤትን ክትከውን ኣለው፡ ጥራይ ኢልካ ዝሕለፍ ዘይኮነ፡ ነዚ ባይቶ እዚ ዝድግፍን ዘተባብዕን ህዝቢ፡ ብዛዕባ እዛ ውድብ/ሰልፊ እዚኣ፡ ክሕበር ኣለዎ፡ ዝብል ርእይቶ ኣሎና።

ንሕና ዘካየድናዮ ኣኼባ ዕዉት ኣኼባ እዩ ነይሩ፡ እንተበልና፡ ምናልባት ንገለ ደቂ ሃገር፡ ሓቅነት ዘይብሉ ምጽብባቅ ኣኼባ፡ ከስምዕ ይኽእል ይኸውን። እቲ ምኽንያት ካኣ፡ ኩሉ ግዜ፡ ብፍላይ ኣብ ተቃውሞ ደንበ ዝግበር ኣኼባታት፡ ውጽኢቱ ብዘየገዲስ፡ ዕውት ነይሩ ኢልካ ምዝራብ፡ ልሙድ ስለዝኾነ እዩ። እዚ ኮይኑ እቲ ሓቂ ግን፡ ኣኼባና ብዘይ ቀላዓለም፡ ዕዉት ኣኼባ ነይሩ፡ ኢልና ክንዛረብ ንደፍር። ዕዉት እዩ ነይሩ ዘብሎ ምኽንያት ካኣ፡ ቀዳማይ፤ እቲ ኣብ ኣኼባ ዝነበረ ህዝቢ፡ ምንም እኳ ናትና ሕልምታት ዘርዊ ቑጽሪ ህዝቢ እንተዘይነበረ፡ ብወገና ብዝነበረ ብዝሒ ተሳታፊ ኣኼባ ግን፡ ዕጉባት ኢና። ካላኣይን እቲ ቀንዲን፡ ኣኼባ ክንገብር ዘገደደና ምኽንያት ግን፡ ጸብጻብ ናይቶም ናብ ጉባኤ ሰዲድዳናዮም ዝነበርና ልኡኻትና ንምስማዕ ኮይኑ፡ ጸብጻብ ልኡኻትና ድሕሪ ምስማዕና፡ ኩላትና ኣብ ኣኼባ ዝነበርና ደቂ/ዓል ሃገር፡ ውጽኢት ጉባኤ፣ ብፍላይ ካኣ ባይቶ ምቛሙ፡ ብሓደ ድምጺ፡ ከይተፈላለና፡ ንድግፎን ንቅበሎን ምኻና ኣስሚርና፡ ማለት ኣረጋጊጽና። እዚ ካኣ እዩ ንኣኼባና ዕዉት ዝገበሮ። ካብዚ ሓሊፍና እውን፡ ስርዓት ህግድፍ ክሳዕር፡ ህዝብና ካብዚ፡ ኣብ ትሕቲ ውልቀ-መላኺ፡ ዘሕልፎ ዘሎ መሪርን ጨካንን ህይወት፣ ናብራ ባርነት፣ ንሓንሳብን ንሓዋሩን ክጋላገል፡ እንተኾይኑ፡ ደቂ ሃገር ናይ ሓባር ቃልሲ ምስዘካይዱ እዩ፡ ዝብል ዕግበት ኣሎና። ካብዚ ዕገበት'ዚ ተበጊስና ካኣ፡ እንቛዕ ዳኣ፡ እዚ ባይቶ'ዚ፡ ከም ውድብ ምጻእ ከም ሰልፊ፣ ከም በርገሳዊ ማሕበር ምጻእ፡ ብውልቀ፣ ንኹሉ ወዲ ሃገር፡ ኣብ ተቓውሞ ደንቢ፣ ብሓባር ከቃልስን፡ ብማዕረ ከዋስእን ዝኽእል ተፈጠረ እምበር፡ ደሕሪ ሕጂ፡ ብፍላይ ካብተን ኣባላት ናይዚ ባይቶ ዝኾና ውድባት/ሰልፍታት ይኹና በርገሳዊ ማሕበራት፡ ከምኡ'ውን ኪዳን ብዓብይኡ፡ ንባዕሉ ዘታኣታተዎ፣ ህዝቢ ኣብ ጉዳዩ ከሳትፍ ዘኽእል፣ ምዕባሌታት ከፍርስ፣ ልዕሊ'ዚ ባይቶ'ዚ ኮይንካ ናይ ምውሳኣን፡ ካብ ስርሑ ናይ ምዓናቅፍኡ፣ ባህርታት እንተሪኢና፡ ኣፍና ክንዓብስ ከምዘይኮና፣ ዓገብ ክንብልን ክንገንሕን ምኻና፡ ብሓደ ድምጺ ወጺእና። እቲ ኣብ ስርዓት ህግድፍ ዝተለመደ ባህሊ፡ ኣብ ልዕሊ ባይቶ ምሸክዕላልን፣ ከምናይ ውልቀኻ ጥሪት ገርካ ምርኣይ፣ ልዕሊኡ ኮይንካ ምውሳእ፣ ኣብ ተቃውሞ ደንበ ክታኣታቶ፡ ስቅ ኢልና ክንርኢን ክንጻወሮ ከምዘይኮና፣ ብዘይናሓፍነት ኣንጻር ቀይዲ በተኽ ኣሰራርሓ፡ ክንዓጥቅ ምኻና፡ ብሓደ ቃል ወጺእና።

ካብ ኩሉ ካኣ፡ ካብዚ ጉባኤ'ዚ ዝተማሃርናዮ ነገር ኣሎ፡ ንብል። ንሱ ኻኣ፡ እቲ ካብ ህዝቢ ተመሪጹ፡ ንህዝቢ ውኪሉ፡ ኣብ ጉባኤ ዝተተኻፈለ፡ ወዲ/ጓል ሃገር፡ ነቲ ጉባኢ ዝሃቦ ደሞክራሲያዊ

ዕድላትን መሰላትን፡ ተጠቒሙ፡ ነቶም ኣብ ሽርሕን ዘይሕጋዊ ኣሰራርሓን ዝተኻፈሉ ኣባላት ኮምሽን፡ ካላኣይ ግዜ ንውክልና ከምዘይምረጹ ገይሩ እዩ። እዚ ነገር እዚ ካኣ፡ ናዓና ከም ህዝቢ፡ ሓደ ነገር ክንፈልጥ ዕድል ሂቡና። ንሱ ካኣ፡ ህዝብና ደሞክራሲያዊ መሰላቱ ክጥቀመሉ ዕድል እንተረኺቡ፡ ንደሞክራሲያዊ መሰላቱ ብግቡእ ክጥቀመሉ ከምዝኽእል ሪኢና። እንተ እተን ውድባት ግን፡ ሽመን ንኽጸብቃ፣ ብሓቂ ንደሞክራስን ፍትሕን ይቃለሳ ከምዘለዋ ከረጋግጻ፣ ነቶም ኣባላት ኮምሽን ዝነበሩ፣ ኣብ ምጥሓስ ሕግን ብልሽው ኣሰራርሓን ዝተሳተፉ፣ ኣባላተን ስጉምቲ ዝወስዳሎም፣ ብውሕዱ፡ ኣባላት ባይቶ ኮይኖም ክመጹኡ ከምዘይብሎም፡ ኣብ ክንዲ ዝገብራ፡ ቛንቛን ጠለብን ህዝብ ስለዘይግደሳሉ፣ ንዕቐት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ስለዘለወን፣ ብኣንጻሩ ኣባላተን ኣብ ዝላዓለ ስልጣን ናይ ቦይቶ ከምዝመጽኡ ገይረን። እዚ ካኣ፡ ኣብ ደሞክራሲያዊ ኣሰራርሓን፣ ደሞክራሲያዊ መሰላት ኣጠቃቅማን፡ ልዕሊ እዘን ከምዚኤን ዝኣመሰላ ውድባት፡ ህዝቢ ነቂሑ ከምዘሎ ዝሕብር ስእሊ እዩ። እቲ ቀንዲ ጸገም ናይ ከምዚኤን ዝኣመሰላ ውድባት ድማ፡ ልዕሊ ረብሓን ጠለባትን ህዝብን ሃገርን፡ ናታተን ረብሓ፡ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ስለዝሰርዓ እዩ።

ምንም እኳ ገለ ውድባት፡ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ፡ ድሑርን ድሞክራሲያዊ ምዕባሌታት ንምትእትታው ዝዕንቅፍ፡ ኣስራርሓ ይጠቀማ እምበር፡ እዚ ጉባኤ እዚ ሓድሽ ፖለቲካዊ ባህሊ ከምዘታኣታተወ፡ ውጽኢት ጉባኤ ህያው ምስክር እዩ። ንሱ ኻኣ፡ ነቲ፤ „*__ጠል ክትገዝእ ተሳማሚዕካ ክተብቅዕ፡ ግን ቅድሚ ምግዛኣ፡ ኣበይ ትታኣሰር__*“፤ ዝዓይነቱ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ባህሊ ኤርትራውያን ተዘውቲሩ ዝነበረ፡ ንተቃውሞ ደንበ ዘዳኸሞ፡ ፖለቲካዎ ሃልኪ ሰቢሩ፡ ንቀዳማይ ጠለብ፡ ንሱ ኻኣ፡ „***__ድሕነት ህዝብን ሃገርን ብቀዳምነት ምርግጋጽ__***“፡ ዝብል ኣጀንዳ፡ ንምዕዋት፡ ካብ ምብትታን ምስምማዕ፣ ካብ ምግትታር፡ ሕድገታት ምግባር፣ ካብ ምትህልላኽ ምርድዳእ፡ ከም ባህሊ ከምዘታኣታተዎ እዩ ኣመስኪሩ። እዚ ኮይኑ፡ እቲ እዚ ጉባኤ'ዚ ዘታኣታተዎ ሓድሽ ፖለቲካዊ ባህልታት ግን፡ እዚ ብመገዲ ግባኤ ተፈጢሩ ዘሎ ባይቶ፡ ብፍላይ ካኣ እዚ ዘሎ ፈጻሚት ሽማግለ'ዚ ንኽገብራ፡ ንሕና ከም ህዝቢ ክንጠልቦን ከም ዝላዓለት ለበዋ ናትና ክነቅርባ ብናይ ሓባር ድምጺ ዝመረጽናያ፡ ዝተረፈት ሓንቲ ዕዮ ገዛ ኣላ። ንሳ ኻኣ፡ እዚ ባይቶ እዚ፡ ከም ሽሙ ማዓርግ ክህልዎ፣ ቀዳማይን ዝላዓለን ሽትኡ ክወቅዕ፣ ማለት፡ ስርዓት ውልቀ-መላኺ ኣልዩ፡ ብደሞክራሲያዊ ስርዓት ክትክእ፡ እንተ ኾይኑ፣ ከምኡ እውን፡ መሰጋገሪ መድርኽ፡ ሓደ ካብቲ ዘሮ (0) ሳዓት ተብሂሉ ዝጽዋዕ፡ ታኣፋፊ መድርኽ ከም ምዃኑ መጠን፡ ኣብዚ መድርኽ እዚ፡ ውሕሰነት ስለምን ጽጥታን ርግኣትን ኣብ መንጎ ደቂ ሃገር፡ ከረጋገጽ፣ እንተ ኾይኑ፡ ነዘን ኣብ ኣብዚ ናይ ሓባር ማኣዲ ደቂ ሃገር ኢደን ዘይሓወሳ፣ ካብ ናይ ሓባር ቃልሲ ምኽያድ ርሒቀን፣ ኣብ ባይቶ ውክልነኤን ዘየረጋገጻ፣ ዘለዋ ስልፍታት/ውድባት፡ ንኣብነት ከም ባዓል EPDP፡ ከምኡ'ውን ገለ በርገሳዊ ማሕበራት፣ ኣብዚ፡ ንስርዓት ውልቀ-መላኺ ኣሊካ፡ ብደሞክራሲያዊ ስርዓት ንምትካእ፡ ዝካየድ ዘሎ፡ ናይ ሓባር ጉዕዞን ቃልስን፡ ተኻፋልነተ ዝረጋገጸሉ ባይታ ክፈጥር ኣለዎ፡ ንብል። ባይቶ ነዚ ክገብር እንተኾይኑ ግን፡ እዚ ባይቶ'ዚ መዝነቱን ዕብየቱን ዘይኮነ ክርእይ ዘለዎ፡ እንታይ ዳኣ ተሸኪምዎ ዘሎ ሃገራዊ ሓላፍነት ኣብ ግምት ብምእታው፡ እዘን ከምዚኤን ዝኣመሰላ፡ ሃገራውያን ስልፍታት፣ ውድባት፣ በርገሳዊ ማሕበራት፣ ናብኡ ክመጽኣን ማዕጽኡ ክኹሕኳሓን፡ ዘይኮነ ክጽበ ዘለዎ፡ እንታይ ዳኣ፡ ንሱ ንብኣታተን እንዳኸደ፡ ከይተሓለለ ዝምድናታትን ርኽክባትን ክገብር፣ በዚ መገዲ'ዚ ገይሩ፣ ዘይቛረጽን ቀጻልነቱ ዘውሓሰን፡ ግዜኡን ዓቅሙን ከይበቐቐ፣ ዓቅሉ ከይጽበበ፣ ናይ ዘተ ማኣዲ

ክፈጥር፣ ምስኡ ግን፡ ዘተግብሮ ርኽክባትን ዝምድናታትን ብምስጥር ዘይኮነ'ስ፡ ህዝቢ ዝርእዮን ዝሰምዖን፣ ግልጹነቱ ዘረጋገጸ፣ ክኸውን፡ ከም ህዝቢ ዓብይ ትምኒትናን ድልየትናን እዩ፡ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣጥቢቅና ንላቦ።

◘ ካብ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ንደሞክራሲያዊ ላውጢ ኣብ NRW ከተማ Köln።

- ዘለኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንሰማእታትና
- ዓወት ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ
- ውድቀት ንስርዓት ውልቀ-መላኸን ተዳናገጽቱን

ከተማ ኮለን (Köln) 24. 01. 2012